# 2. ኣማላድነት ቅዱሳን



**1. መእተዊ**

**ካቶሊካውያንን ኦርቶዶክሳዉያንን ናብ ቅድስቲ ድንግል ማርያምን፡ መላእኽትን፡ ቅዱሳንን ይጽልዩ። እንተኾነ ቅ.መጽሓፍ ሓደ ኣማላዲ፡ ንሱ ድማ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዘሎናን፡ ኩሉ እቲ እንጽልዮ ጸሎት ናብ ኣምላኽ ጥራሕ ክኸውን ከምዘለዎ እዩ ዝምህረና። ስለዚ እዚ ካብ ትእዛዝን ቃል-ኣምላኽን ወጻኢ ድዩ? ጌጋ ትምህርቲ ድዩ?**

**ገለ ክርስቲያን፡ ናብ ቅዱሳን ኣማልድነቶም ደሊና ብምጽላይና ከም ኣምልኾ ጣዖት ይርእይዎ። ጌጋ ከም ዘለና ንኸረድኡና ከኣ፡ ነዞም ጥቅስታት የቕርቡልና።**

- **ማቴ.6፥9፦** ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣርድእቱ ጸሎት መሃረና ምስ በልዎ "ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ..." እናበለ እዩ ዘስተምሃሮም። ኣብኡ ብዛዕባ ጸሎት ናብ መላእክ፟ትን ቅዱሳንን ኣይመሃረናን። እንታይ ደኣ ብቀጥታ ናብ ኣምላኽ ኩሉ ጸሎትና ከነዕርግ እዩ ዝመሃረና።
- **ፊሊ.4፥6 ከኣ "ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈልጥ እምበር ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ"፣**
- **1ጢሞ.2፥5 "ኣምላኽ ሓደ እዩ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ መተዓረቒ ድማ ሓደ እዩ፡ ንሱ ከኣ እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ኢየሱስ እዩ" ይብለና፣**
- **ዮሓ.14፥16 ብዘይ ኢየሱስ ናብ ኣቦ ዝመጽእ ሓደኳ ከምዘየልቦ ይነግረና፣**
- **ዮሓ.10፥9 "ኣፍደገ ድሕነት ኢየሱስ ምዃኑ፣**
- **ዮሓ.17፥3 "ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከኣ፡ ኣምላኽ ሓቂ ንሰኻ በይንኻ ምዃንካን እቲ ዝለኣኽካዮ ኢየሱስ ክርስቶስ ምዃኑን ምፍላጥ እዩ"፣**
- **ግሓ.4፥12 "ብኣኡ ክንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንደቂ ሰብ ኣይተዋህበን። ስለዚ ድሕነት ብሓደ ካልእ ከቶ የልቦን"፣**
- **ዕብ.9፥15 "ክርስቶስ ናይዛ ሓዳስ ኪዳን ኣዚኣ መንጎኛ ኮነ"፣**
- **ሮሜ 3፥24 "በቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ ድሕነት ብከምኡ ብጸግኡ ይጸድቁ" ይብለና፣**
- **ዕብ.7፥24-25 "ኢየሱሰ ግና ንዘለዓለም ዚነብር ስለዝኾነ ዘይሓልፍ ክህነት ኣለዎ። ስለዚ ድማ ኩሉ ግዜ ምእንታኦም ኬማልድ ዚነብር ስለዝ[illegible] ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ንዘለዓለም ኬድሕኖም ይኽእል እዩ"፣ ዕብ.8፥1 "ንሕናስ ኣ[illegible]ት ኣብ የማን ዝፋን ልዑል እግዚኣብሔር ዝተቐመጠ ሊቀ ካህናት ኣሎና"፣**
- **ዘዳ.18፥10-11 "... ንምዉታት ዝሓትት ኣብ ማእከል ኩም ኣይሃሉ" ይብል።**
- **እዚ ኩሉ ጥቕስታት ጸሎትና ናብ ኣምላኽ ብወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸውን ከምዘለዎ እዩ ዚምህረና ዘሎ። እዚ ከኣ ሓቂ እዩ። እቲ ሕቶ ሕጂ ኣማልድነት ቅዱሳን ናብ ኣምላኽ ዝቐንዐ ድዩ ወይስ ኣይኮነን? ብመሰረቱ'ኸ ኣማልድነት ቅዱሳን ምስቲ ሓደ "ኣማላዲ" ዝኾነ ክርስቶስ ዝጻረር ድዩ? ንቅዱሳን ምጽላይ ምስ ምውታት ከም ምርኻብ'ዶ ኣይቑጸርን? እዚ ከኣ ብኣምላኽ ፉንፉ'ዶ ኣይኮነን (ዘዳ.18-10-11)? ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ቅዱሳን ከማልዱ ከለው ንርኢ ዲና? ዚብል እዩ። እምበኣርከስ ነዞም ዝዘርዘርናዮም ሕቶታት ሕጽር ብዝበለ ኣገባብ ክንምልስ ክንፍትን ንዳሎ።**

**2. ቅዱስ መጽሓፍ ብዛዕባ ኣማልድነት ቅዱሳን እንታይ ይብል ?**

**መ- መርያ ቅዱሳን ኣብ ምድሪ ኣሎው ኣብ ሰማይ ከኣ ኣሎው። እቶም ኣብ ምድሪ ዘሎው ቅዱሳን ምእንቲ ነሓድሕዶም ይጽልዩ ከምዝነበሩ ብዙሕ ጥቕስታት ንረክብ ኢና። ንኣብነት ኣብ 1ጢሞ.2፥1-4፡ "እምበኣር ቅድሚ ኹሉ ምህለላ፡ ጸሎት፡ ምምላድ፡ ምስጋና፡ ምእንቲ ኩሉ ሰብ ክግበር እምዕድ ኣሎኹ። ብመንፈሳውነትን ብኽብርን፡**

ህዱእን ሰላማውን ዝኾነ ሕይወትን ምእንቲ ክንነብር ከኣ ምእንቲ ኩሎም ነገሥታትን ሰበ ሥልጣንን ጸሎት ይገበር። እዚ ኣብ ቅድሚ እቲ መድኀኒና ዝኾነ ኣምላኽ ሰናይን ዘሐጉስን እዩ። ንሱ ንኹሉ ሰብ ኪድኅንን ናብ ፍልጠት ሓቂ ኪመጽእን እዩ ዚፈቱ” ይብል። ኣብ ቆሌ. 1፡4 ከኣ፣ “ኵሉ ሳዕ ምእንታኹም እናጸሌና ንኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነመስግኖ ኣሎና” እናበለ ጳውሎስ ባዕሉ ምእንቲ ካልኦት የማልድ ከምዝነበረ ንርኢ። ነዚ ዝመስል ጥቕሲ ኣብ ፊሊ.1፡4” 2ጢሞ.1፡3” 1ተሰ.1፡2፤ እውን ንረክብ ኢና። እቶም ካልኦት ኣሕዋት ክጽልዩሉ ይሓቶም ከምዝነበረ ዘረድእ ጥቕሲ ከኣ፣ “ኩሉ ከኣ ኣማኒ ኣይኮነን እሞ፡ ካብ ዓመጸኛታትን ክፉኣት ሰባትን ምእንቲ ክንድሕን ጸልዩልና” (2ተሰ.3፡2) ይብል። ነዚ ትምህርቲ ብምኽታል ከኣ ክሳዕ ሎሚ ነሓድሕድና ንጽሊ ኣሎና። ካልኦት ምእንታና ይጽልዩን የማልዱን ንሕና ከኣ ንካልኦት። እዚ ኣማልድነትውዚ ግና ነቲ “ሓደ በይኑ ኣማላዲ ዝኾነ ክርስቶስ” ቦታኡ ኣይትክእን ኣይወስድን እዩ። ስለምንታይከ ትኽ ኢልና ናብ ኣምላኽ ዘይንጽሊ? ስለምንታይ “ክልተ ካባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዝልምንዎ ነገር ኩሉ እንተ ተሰማምዑ፡ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪወሃቦም እዩ ...” (ማቴ.18፡19-20) ስለዝበለና።

እቶም ኣብ ሰማይ ዘሎው ቅዱሳን ምእንታና ከምዝጽልዩ ዘረድኡና ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ንረክብ ዲና? እወ ንረክብ። ኣብ ኤር.31፡15-16 “እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ። “ኣብ ራማ ድምጺ ዋይዋይታ፡ እወ ድምጺ መሪር ብኽያት ተሰምዐ። ደቃ ስለዝተወድኡ ራሄል ትበኪ ኣላ፡ ምድባስውን ኣበየት። ይኣኽለኪ ኣይትብከዪ ንብዓትኪ ድረዚ። እቲ ምእንቲ ደቕኺ ዝገበርክዮ ኩሉ ዓስቢ ኣሎዎ” ደቕኺ ካብ ምድሪ ጸላኢ ኪምለሱ እዮም። ንዚመጽእ ተስፋ ኣሎኪ። ደቕኺ ንዓዶም ኪምለሱ እዮም። ኣነ እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ” ይብል። እታ ኣደ ደቂ-እስራኤል ኣብ ሰማይ ምእንቲ ደቃ ጸልያ ከምዘስምዐት ኢና ካብዚ ጥቕሲ እዚ እንርዳእ። ኣብ 2 መቃ.15፡12-15 “ ይሁዳ ዝረኣዮ ሕልሚ ከኣ ኣዚ ዚስዕብ ነበረ፡- እቲ ቅድም ሊቀ ካህናት ዝነበረ ኦንያ፡ ወረጃ፡ ሕያዋይ፡ ትሑት፡ ለዋህ፡ ኣዘራርባኡ እሩም፡ ካብ ንእስነቱ ሠናይ ዘበለ ኩሉ ኝኺገብር ተኾስኵሱ ዝዓበየ ሰብ ኣእዳው ዘርጊሑ ምእንቲ ኹሉ ሕዝቢ ኣይሁድ ኪጽሊ ከሎ ረኣየ። ብድሕርዚ ኸኣ ካልእ ምዕሩግን ሽያብን፡ ዜንጸባርቕ ንጉሣዊ ግርማን ሥልጣንን ዝለበሰ ሰብ ተራእየ። ኦንያ ኸኣ “እዚ እቲ ነሕዋትና ዚፈቱ፡ ምእንቲ ሕዝብናን ቅድስቲ ከተማናን ዚጽሊ፡ ነቢይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኤርሚያስ እዩ፡ እናበለ ተዛረበ” ይብለና። እዚ እቶም ቅዱሳን ኣብ ሕይወት እቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ተዋሳእቲ ምዃኖም እዩ ዘረድኡና። ዳሓር ከኣ እቶም ብጐይታ ዝሞቱ ቅዱሳን፡ ኢየሱስ ከምዝብለና “...እቶም ነታ ዓለም እቲኣን ንትንሣኤ -8- ምውራስ ዚበቕዑ ግና ኣየውስቡን ኣይዋሰቡን እዮም። ከም መላእኽቲ ስለዝኾኑ ድሕሪ ደጊም ኪሞቱ ሓይ!ለሉን እዮም። ደቂ ትንሣኤ ስለዝኾኑ ድማ ደቂ ኣምላኽ እዮም። ምውታት ከምዚትንሥኡ ግና ሙሴ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ቈጥቋጥ ዝጸሓፎ፡ ንእግዚኣብሔር “ኣምላኽ ኣብርሃምን ኣምላኽ ኢስሓቅን፡ ኣምላኽ ያዕቆብን” ብምባሉ ኣርኣየ። ንእኡ ኩሎም ሕያዋን እዮም እሞ፡ ንሱስ ናይ ሕያዋን እምበር ናይ ምውታት ኣምላኽ ኣይኮነን” በሎም (ሉቃ.20፡35-38)። ስለዚ ከኣ ከም ሕያዋን ኵሎም ቅዱሳን ከማልዱልና ይኽእሉ እዮም።

እቲ ኣብ ዘዳ.18፡10-11 “ንምውታት ዝሓትት ኣብ ማእከልኩም ኣይሃቁ” ዚብሎኽ ደኣ እንታይ ይኹን? ምስ ቅዱሳን ብጸሎት ክንራኸብ እንክሎና፡ ከምቲ ጠንቈልትን ምስ መናፍስቲ ሙታን ዝራኸቡ ስባትን ዝገብርዎ ተግባር ኣይኮናን እንገብር። ንሕና ብጠንቈልቲ ኣይኮናን እንራኸቦም (ነዚ ዘረድእ ኣብ 1 ሳሙ.28፡5-25 ሳውል ብጠንቋሊት ኣቢሉ ምስ ሳሙኤል ክራከብ ዝፈተኖ ክንዕዘብ ንኽእል)። ንሕናስ ከምቲ ኣብ ሉቃ 9፡28-31 ኣብ ደብረ ታቦር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ሙሴን ኤልያስን ዝተራኸበ፡ “ብዛዕባ እቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ኪፍጸም ዘለዎ ሞቱ ድማ ይዘራረቡ ነበሩ” ዚብለና፡ ንሕና እውን ብዛዕባ ኣብ ምድራዊ ጉዕዞና ዘጋጥመና ጸገማት ምእንቲ መንግሥቲ ኣምላኽን ክብሪ ኣምላኽን ደው ክንብልን፡ ምእንቲ ኣብ ሓሳባትና ሓቢሮም ከማልዱልናን ኢና ንልምኖም። እዚ ከኣ ብኣምላኽ ቅቡል እዩ።

### 3. ብመላእኽትን ቅዱሳንን ብሓድሕድ ምድግጋፍን ክንመጽ ንኣምላኽ ፍታው እዩ

ኣምላኽ ንኵሉ ባዕሉ ብዘይ ገለ ደገፍ ክገብሮ እናከኣለ እንከሎ፡ ንኣና ንፍጡራቱ ኣብቲ ድንቂ ዝኾነ መደባቱን ከሳትፈና ካብ መጀመርያ ፈቲዱ። ኣምላኽ ክፈጥረና እንከሎ ፍቓድና ዘይሓተተ፡ ሓንሳእ ምስ ፈጠረና ግና ውሳኔናን ፍቓድናን ኣብ ተግባራት ድሕነትና ኵሉ ግዜ ይሓትት። ንእኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም እውን ከምኡ ፍቓዳ ይሓትት (ሉቃ.1፡28-38)። ኵሉ ግዜ ኣምላኽ ብመላእኽቱ ተዓጂቡ እዩ ዚኸይድ፡ ንሳቶም ትእዛዙ ይፍጽሙ፡ ብኣታቶም ይሰርሕ (2ነገ.6፡16-17)። ቅዱሳንን መላእኽትን ሰማዕታትን (ራእይ 5፡8-14” 8፡3-4” 6፡10) ንኣምላኽ ከምልኽዎን፡ ከመስግንዎን፡ ምእንታና ከማልዱን ለይትን መዓልትን ይንቐሳቀሱ። እዚ ኵሉ ተግባር ግና ኣብ ዙርያ እቲ ገንሸልን፡ ብትእዛዙን ጥራይ እዩ ዝፍጸም። ስለዚ ምስቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣማልድነት ኣይጻረርን እዩ፡ እኳ ደኣ ካብኡ እዩ ዚብገስ።

### 4. ቅዱስ መጽሓፍ ከምድላይካ ኣይትርጎምን እዩ

ብዛዕባ ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ ክንዛረብ፡ እሞ ከኣ ናይ ብሓቂ ብቅንዕና ክንዛረብ እንተደኣኮይና፡ ሓደ ሓደ ጥቕስታት መሪጽና ኣይኮናን ክንወስድ ዘሎና። ኣብ ልዕሌኡ ወሰኺ ብዛዕባ እቲ እንጽነዮ ዘሎና ኣርእስቲ ዝምልከቱ ጥቕስታት ኵሎም እንተረኣናዮም፡ ሓደ ሓደ ግዜ ክልተ ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ትርጉም ከነውጽኣሎም ይከኣል እዩ። ኣብዚ እዋናት እዚ ዘዝመረጽናዮ ትርጉም ሒዝና በብመንገድና ክንከይድ ኣይግባእን። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ስልጣኑ ዝሃቦም ሓዋርያትን መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ስለዝሃበና (ማቴ.10፡1-4፣ ግሓ.1፡13፣ ማቴ. 16፡18-19፣ ዮሓ.21፡15-17፣ ማቴ.18፡18)) በቲ እቲ መንፈስ ሓቂ (ዮሓ. 16፡13) ዝመርሓምን ኣብቲ ንሱ ንዘለዓለም ኣይገድፈኩምን እየ ዝበሎ ተስፋን (ማቴ.28፡20) ብምጽናዕን፡ ብመንፈስ ምልላይ ኣጽኒያምን መርሚሮምን (ከምቲ ኣብ ጉባኤ ኢየሩሳሌም ግሓ.15) መምርሒን ትምህርትን ይህቡና ስለዝኾኑ፡ ንኣታቶም ክንክተል ግቡእ እዩ።

ብዛዕባ "ኣማልድነት" ቅዱሳን ከኣ ምስቲ "ሓደ ኣማላዲ ንሱ ከኣ ክርስቶስ እዩ" ዚብል ዘይገራጮ ምዃኑ፡ እንታይ ድኣ ብፍታውን ብፍቓድ ኣምላኽን ነሓድሕድና ከነማልድን፡ ቅዱሳን'ውን ከማልዱልና ከምዝኽእሉ ተማሂርና። "ሓደ ኣማላዲ ጥራሕ" ኢልና ድርቅ ኣይንበል፡ ከመይ ቅዱስ መጽሓፍ ናቱ ኣባሃህላን ኣቀራርባን ከምዘለዎ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ንኣብነት ብዛዕባ "መምህር" ከምኡውን "ኣቦ" ቅዱስ መጽሓፍ ኪዛረበና እንከሎ፡ ብሓደ ወገን "ንሸኻትኩም ግና መምህርኩም ሓደ እዩ እሞ መማህራን ኣይትበሃሃሉ" (ማቴ.23፡8) ኪብል ጸኒሑ፡ ብካልእ ወገን ከኣ፡ መማህራን ኢሉ ዝጽውዖም ካብቶም ከማና ሰብ ከምዘለው ይዛረብ (ያዕ.3፡1፣ ኤፌ.4፡11)። ብዛዕባ "ኣቦ" ዚብል ቃልውን ኣብ ማቴ.23፡9 "ኣብ ሰማይ ሓደ ኣቦ ስለዘሎኩም ኣብ ምድሪ ንሓደኳ ኣቦ ኢልኩም ኣይትጸውዑ" ኪብል ጸኒሑ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ንኣብርሃም ኣቦ ኢሉ ክጽውዖ ንርኢ (ሉቃ.16፡24፣ ያእ.2፡21፣ ሮሜ 4፡1-18)፡ ከምኡውን ንህሉዋት መራሕቲ ሃይማኖት "ኣቦታት" እናበለ ክጽዖም ንርኢ (1ዮሓ.2፡13-14፣ ግሓ.7፡1-2፣ ግሓ.7፡55)። ኣብ 1ቆሮ.4፡14-15 ሓዋርያ ጳውሎስ ባዕሉ "ደቀይ" እንዳበለ፡ ንሱ ብክርስቶስ ኢየሱሱ ብወንጌል ኣቦኦም ከምዝኾነ ይዛረብ።

ስለዚ ነቲ "ኣማላዲ ሓደ ክርስቶስ እዩ" ዚብል ጥቅሲ እኳ እንተሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ንሓድሕድና ፍጡራት ክነስና ከነማልድ ከምንኽእል ዘርኢ ጥቅሲ ኣሎ  (ቅዱሳን እውን)። እዚ ከኣ ነቲ ብክርስቶስ ዝተረኽበልና ድሕነትን ጸጋን መከፋፈሊ መስኖ ጥራይ እዩ። እዚ ከኣ ብፍታው ኣምላኽ ጥራይ እዩ ኮይኑልና። ንሕና ንክርስቶስ ኣካላቱ ኢና (1ቆሮ.12፡12-27) ከምኡ'ውን ንሱ ጉንዲ ወይኒ ንሕና ከኣ ጨናፍሩ ኢና (ዮሓ.15፡5) ንሕወትና ዘድሊ ኵሉ ካብኡ ኢና እንወስድ። ካብቲ ሓይሊ ኣማላድነቱ'ውን ብከምኡ ኣገባብ ኢና እንወስድ። እስከ ነቲ ኣብ ዕብ. 12፡22-24 "ንሸኻትኩም ናብ እምባ ጽዮንን፡ ናብታ ከተማ ሕያው ኣምላኽ ዝኾነት ሰማያዊት ኢየሩሳሌምን ናብቶም ብሓጐስ ዝተጋብኡ ኣእላፋት ዝኾኑ ዝቕመት ቤተ ክርስቲያን፡ ናብቲ ንዅሉ ዚፈርድ ኣምላኽን፣ ናብ ነፍሳት እቶም ፍጹማን ዝኾኑ ጻድቃንን፣ ናብቲ ናይ ሓዲሽ ኪዳን መንጎኛ ዝኾነ ኢየሱስን፣ ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ብዝበለጸ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን ኢኹም በጺሕኩም ዘሎኹም" ዚብል ቃላት ነስተብህለሉ። ከመይ ናብ መላእኽትን ቅዱሳንን፡ ኣምላኽን ናብቲ ሞንጎኛ ዝኾነ ኢየሱስን ብጸሎት ከምእንበጽሕ እዩ ዘመልክተልና። ብሓደ ዝኸይድ እምበር ተጋራጫውን ተቓራኒን ኣይኮነን። ከም መደብ ኣምላኽ ክንረብሓሉ ይግብኣና እዩ።

### 5. *መደምደምታ*

ኣብ መወዳእታ ክንርድኦ ዝግብኣና ኵሉ ጽሎትና ብቀጥታ ናብ ኣምላኽ እዩ ዚዓርግ፣ ዋላ እቲ ኣሕዋትና  ዝጽልዩልናን መላእኽትን ቅዱሳንን ዘማልዱልናን። እቲ ምድጋፍ እዩ ዘሎ እምበር፣ እቲ ጽሎት ሓሳብ ሓደ ንሱ እዩ።እቲ ሰማይን ምድርን፣ ሰብን ኣምላኽን ናይ ምትዕራቕን፣ ካሕሳ ሓጢኣት ናይ ምኽፋልን ተግባር ግና ኵሉ ጊዜ ተግባር መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ። በዚ ምኽንያት እያ ቤተክርስትያን መስዋዕቲ ቅዳሴ ከም ዓንዲ ማእከል ስርዓተ-ኣምልኾኣ ኣትሰርዕን መዓልቲ መዓልቲ ናብ ኣምልኽ እተቕርቦን። ነቶም "ንሕና ብቀጥታ ናብ ኣምላኽ ኢና እንጽሊ። ንስኻትኩም ግና ብተዘዋዋሪ ዘየድሊ ኮለል ትብሉ" ዝብሉና፣ መልስና "ንሕና'ውን ብቀጥታ በቶም ኣብ ምድሪ ይኹን ኣብ ሰማይ ዘለዉ ኣዋትና ቅዱሳን ተሰኒና ናብ ኣምላኽ ኢና እንጽሊ። እዚ ከኣ ጒድለት ዘይኮነስ ተወሳኺ ሃብቲ እዩ"።

**"እዚ እቲ ነሕዋትና ዚፈቱ፡ ምእንቲ ሕዝብናን ቅድስቲ ከተማናን ዚጽሊ፡ ነቢይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኤርሚያስ እዩ" (2 መቃ.15፡12-15)**